Paid Sick and Safe Time Ordinance

Seattle's Paid Sick and Safe Time Ordinance (PSST፣ ናይ ስያትል ዝኽፈሎ ናይ ሕማምን ውሑስ ግዜን ኦርዲናንስ) ኣስራሕቲ ንሰራሕተኛታት ዝኽፈሎ ናይ ሕማምን ውሑስ ግዜ ክህቡ የገድዶም። PSST ብምኽንያት ሕማም፡ ሕክምናዊ ቆጻራታት፡ ወይድማ ከቢድ ናይ ውሑስነት ጸገም ንዘጋጥም ናይ ሰራሕተኛታት ቡኩራት ኣብ ግብሪ ይውዕል።

ኣስራሕቲ ናይ ግድን ንሰራሕተኛታት PAID SICK AND SAFE TIME (ዝኽፈሎ ናይ ሕማም ከምኡድማ ውሑስ ግዜ) ክህቡ ኣለዎም

ሰራሕተኛታት ዝተዋህለለ PSST ክጥቀሙ ይኽእሉ እዩ:

ብምኽንያት ኣካላዊ ወይድማ ኣእምሮኣዊ ናይ ጥዕና ጸገም፡ ንገዛእርእሶም ወይም ንናይ ስድራቤቶም ኣባል ክሕብሕቡ፡ እንኮላይ ናይ ዶክተር ቆጻራ ክከታተሉ።

ብምኽንያት ዘቤታዊ ግህሰት፣ ጾታዊ ጥቃት ንገዛእርእሶም፣ ንናይ ስድራቤቶም ኣባል፣ ወይድማ ምስኣቶም ንዝነብሩ ሰባት ንምክንኻን።

ናይ ስድራቤቶም ኣባል ዝመሃረሉ ቤት-ትምህርቲ ወይድማ መሕብሐቢ ማእከል እንድሕር ተዓጽዮም።

ናይ ንግዲ ስራሕ ቦታኦም ብናይ ጥዕና ምኽንያት ብናይ መንግስቲ በዓልመዚ እንድሕር ተዓጽዩዎም።

250+ Full-Time Equivalent (FTEs፣ ምስ ሙሉእ ሰዓት ዝመዓራረ) ንዘለዉዎም ናይ ንግዲ ትካል ሰራሕተኛታት፣ ናይ ስራሕ ቦታኦም ብገለ ናይ ጥዕና ወይ ናይ ውሑስነት ምኽንያት እንድሕር ተዓጽዩ።

ናይ PSST ሚዛን

ዝተዋህለሉ PSST ብዝተሰርሑ ሰዓታት ካብ ኣብ ጥቕሚ ዘይወዓለ PSST ዝተመሓላለፉ (ኣብ ዓመት)።

	እርከን 1	እርከን 2	እርከን 3
FTEs ኣብ መላእ ዓለም	1 ሰራተኛ እና እስከ 49 FTEs	50-249 FTEs	250 ወይም ተጨማሪ FTEs
ዝተዋህለለ PSST ኣብ ሓደ ናይ ስራሕ ሰዓት	1 ሰዓት ኣብ 40 ሰዓት	1 ሰዓት ኣብ 40 ሰዓት	1 ሰዓት ኣብ 30 ሰዓት
ኣብ ጥቕሚ ዘይወዓሉ PSST ኣብ ዓመት ምት ሕልላፍ	40 ሰዓት	56 ሰዓት	72 ሰዓት *108 ሰዓት ንናይ PTO ኣስራሕቲ

መን እዩ ሽፋን ዝረከብ?

እቲ ናትና ኦርዲናንስ ናይ ስደተኛ ኩነተታቶም ወይድማ እቲ ኣስራሒ ዝርከቡሉ ቦታ ብዘየገድስ፡ ንኹሎም ኣብ ውሽጢ ዶባት ከተማ Seattle ዝርከቡ ሰራሕተኛታት ሽፋን ይህቡ።

ኩነታትካ ንሕና ክንምርምሮ ዝበቅዕ እንተዘይኮይኑ፡ ናብ ካልእ ትካል ክንሰደካ ኢና።

ሕነ ምፍዳይ

ኣስራሒ በዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ኣብ ልዕሊ ኣስራሒኡ ናይ ሕነ ምፍዳይ ስጉምቲ ክወስድ ኣይኽእልን:

- ኣብ ትሕቲ እዞም ሕጊታት መሰላቶም ብምርግጋጾም።
- ናብ OLS ጥርዓን ብምቕራቦም።
- ንኻልኦት ብዛዕባ መሰላቶም ብምንጋሩ።

ናትና ኣገልግሎታት

- ናይ ጥርዓን ምጽራያት።
- ንሰራሕተኛታት ብምትሕግጋዞም።
- ናይ ስራሕ ቴክኒካዊ ሓገዝ ብምግባሩ።
- ሪሶርስታትን መወከሲታትን።

ናይ ቋንቋ ተርጓሚ፡ ትርጉማት ከምኡድማ ኣኮመዴሽን ኣገልግሎታት ኣለዉ። ኩሎም ኣገልግሎታት ናጻ እዮም።

OFFICE OF LABOR STANDARDS (ቤት-ጽሕፈት ስተንዳርድታት ሽቕሊ)

ናይ OLS ተልእኾ ብመንገዲ ሓልዮታዊ ናይ ማሕበረሰብን ናይ ንግዲ ትካላትን ተሳትፎ፡ ስትራቴጂካዊ ኣፈጻጽማ ከምኡድማ ምህዞኣዊ ምዕባለ ፖሊሲ፡ እንኮላይ ምስ ናይ ውድድርን ማሕበራዊ ፍትሒን ተበግሶ፡ ናይ ሽቕሊ ስተንዳርድታት ክብ ምባል እዩ።

ዝያዳ ሓበሬታ

(206) 256-5297

laborstandards@seattle.gov
seattle.gov/laborstandards
ስኣታት: 8 ኤኤም–5 ፒኤም (ሰኑ–ዓርቢ)
810 Third Ave, Suite 375, Seattle, WA 98104

ዝተሓተመሉ: 02/09/16; ዝተመሓየሸሉ: 03-17-20